ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# ኣብ ሓድሽ መድረኽ፡ ጽቡቓት ዕድላትን ብደሆታትን ዲሞክራስያዊ ቃልስና!

ብ2009 ዓ.ም. ኣብ ልዕሊ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን ብይን ማዕቀብ ከምዝተደንገገ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ እዩ። ውልቀ መላኽን ዕሱባቱን፡ ካብ`ቲ እዋን`ቲ ጀሚሮም ከም ተናኻሲ ከልቢ ክነብሑ፡ እናሓለፉ ንዓበይቲ መራሕቲ ሃገራት ከይተረፈ ብተደጋጋሚ ክዝልፉ ሰሚዕናዮም ኢና። ቀንዲ መልእኽቲ ናይ ኣውያቶም፡ ብዘይወዓልናዮ ተቐጺዕና ዝብል ምንባሩ ዝርሳዕ ኣይኮነን።

ጸጥታ ውድብ ሕቡራት መንግስታት፡ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብይን ማዕቀብ ዘመሓላለፈ፡ ኤርትራ ብዘይ ቅዋም ብሓደ ሰብ ዘውጻኦ ሕጊ ትመሓደር ብምህላዋ ስለዘተሓሳሰቦ ኣይነበረን። ዜጋታትና ብሓፈሻ፡ መራሕቲ ግንባርን መንግስትን ድማ ብፍላይ፡ ብዘይ ናይ ቤት-ፍርዲ ፍቓድ፡ ብጸልማት እናተሃድኑ ይእሰሩ ኣሎዉ፤ ኣብ ጸምጸም በረኻ ተሞቁሖም ጉዳዮም ኣብ ነጻ ቤት ፍርዲ ክዳነ ኣይከኣለን፤ ቤተ-ሰቦም ደሃዮም ክፈልጡን ኩነታቶም ክከታተሉን ኣይተፈቐደሎምን ብዝብል’ውን ኣይኮነን። ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ብጭካነ ሰብኣዊ መሰሎም ይገሃስ ኣሎ ካብ ዝብል ቁጠዐ ክጣበቐሎም ብምሕሳብ ኣይነበረን። መንእሰያትና፡ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንዘይተወሰነ እዋን ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ኣብ ጊላዊ ዕዮ ተጸሚዶም፡ መጻኢ ዕድሎም ይጽልምት ኣሎ ብምባል ኣይተበገሰን፤ ህዝብታትና ብሰንኪ ጨካን ምሕደራ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ናይ ድሕንነትን ጸጥታን መሓውሩ፡ ኣብ ገዛእ ሃገሮም ተረጋጊኦም ምንባር ስኢኖም፡ ከም ደቂ ዛግራ ፎቐዶ ስደት ፋሕ ጭንግራሕ ይብሉ ኣለዉ፤ ኣብ ምድረ-በዳን ማእከላይ ባሕርን ዝተቐዘፉ ናብ መሬት ዓዶም ተመሊሶም ንቡር ሓመድ ድብ ከይረኸቡ ተኣጊዶም ካብ ዝብል ሰብኣዊ ሓልዮት ዝነቐለ’ውን ኣይነበረን። ኣብ ከተማታት ኣውሮጳ፡ ፖሎቲካዊ ዑቕባ ዝህቦም ስኢኖም ቀንፈዘው ይብሉ ብምህላዎም ስለዝተሻቐለ'ውን ኣይኮነን። ኮታስ ህዝብታት ኤርትራ ን20 ዓመታት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ ን30 ዓመታት ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎ ኣካይዶም፡ ነጻ ኣብ ዘውጽኡዋ ሃገሮም፡ ኩሉ ዓይነት መሰሎም ተሓሪሞም ርእሶም ኣድኒኖም ክነብሩ፡ ወይ ድማ፡ ብዘይ ኣገባብ ይእሰሩ፣ ይቕዘፉ ናብ ስደት ዛሕዛሕ ይብሉ ኣሎዉ ካብ ዝብል ሰብኣዊ ሓልዮት ብምብጋስ፡ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ንምቕጻዕ ዝዓለመ ኣይነበረን። እሞ ደኣኸ መበገሲ ብይን ማዕቀብ እንታይ ነበረ ዝብል ሕቶ ምምላስ የድሊ።

መልሱ ድማ፡ ሓጺርን ንጹርን እዩ። ንጥሩፋት ግብረ ሽበራውያን ጉጅለታት እናመልመለ፣ እናሰልጠነን እናዕጠቐን ከዋፍር፡ ኣብ ጎድኒ ኣልሸባብ ተሰሊፉ ሰላምን ምርግጋእን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ይዘርግ ኣሎ፤ ንልኣላውነት ሃገረ ጅቡቲ ተዳፊኡ ብዝብሉ ምኽንያታት እዩ፡ ማዕቀብ ተበይኑዎ ተባሂሉ ዝተኣወጀ። ብይን ማዕቀብ ድማ፡ ኣብ ንጹራት ዕላማታት ዘትኮረ ምንባሩ ተደጋጊሙ ተገሊጹ እዩ። እዚ ጻሕታሪ ኩናት፡ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ምዝራግ ዝቐንየ ጉጅለ፡ ኣጽዋር ከይሸምት፡ ምስ’ዚ መደብ’ዚ ዝተኣሳሰረ ሓላፍነት ዘለዎም ወታደራውያንን ናይ ድሕንነትን ጸጥታን ሹሞኛታት ናይ ምንቅስቓስ መሰሎም ዝነፍግ እዩ ነይሩ። ብሓጺር ኣገላልጻ፡ ብይን ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወት ህዝብታትና ዘነጻጸረ ኣይነበረን።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን ነዚ ዝተጠቐሰ ንጹር ዕላማ ዘለዎ ብይን ማዕቀብ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝብታታን ዘቐነዐ መቕጻዕቲ ገይሮም ብምግላጽ፡ ህዝቢ ኣብ ጎድኖም ተሰሊፉ፡ ማዕቀብ ክለዓል ኣብ ኣደባባያት ኣውያቱ ከስምዕ ንዓመታት ላዕልን ታሕትን ኢሎም። እዚ ብይን’ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዘቐነዐ ኣይኮነን፤ ኣብ ልዕሊ’ዚ ትምክሕተኛ፡ ጻሕታሪ ኩናት ጉጅለ ዘነጻጸረ ብይን እዩ ዝበሉ፡ ከም ከዳዓት ተናሺዮም ተግሳጽን መግናሕትን ወሪዱዎም። ብዓይኒ ሓቂ ክረአ እንከሎ፡ እዚ ብይን’ዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዘነጻጸረ ዶ ነይሩ ምስ እንብል፡ መልሱ ሓሶት እዩ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን ብዘይ ደረት ኣጽዋር ኩናት ክሸምቱ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣብ’ዚ ዕማም’ዚ ብንጥፈት ክሳተፉ እንተኽኢሎም፡ ውጽኢቱ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ እንታይ እዩ እንተኢልና መልሱ ንጹር እዩ። ኣጽዋር ተዓጢቕካ እናሓለፍካ ኩናት ንምጽሕታር ዓቕሚ ምውናን ማለት፡ ሳዕቤኑ፡ ሂወት መላምል መንእሰያትና ብዘይ ምቁራጽ ምቕዛፍ፣ ንብረትን ጥሪትን ህዝቢ ምዕናው፣ ምፍንቓልን ኣብ ጥራሕ ጎልጎል ምትራፍን እዩ። ተሞኩሮ 1998-2000 ዓ.ም. ብዝኸፍአ ክቕጽል ምግባር እዩ። ንህዝብታት ኤርትራ ኣብ ዘይዛሪ ኩናት ጸሚድካ፡ ሓሮሮኡን መተሮኡን ምጥፋእ ማለት እዩ፤ ኣብ ልዕሊ ወጽዓ፡ ሞትን መቑሰልትን ኣብ ርእሲ ርእሲ ምድራብ ማለት እዩ። ካልእ ጽቡቕ መግለጺ የብሉን።

ማዕቀብ ዝበየኑ ኣካላት፡ ቀንዲ መበገሲኦም ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ንዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዘውረዶ ኩሉ መዳያዊ በደል ክእርም ዝዓለመ’ኳ እንተዘይነበረ፡ ንህዝብታትና ብቐጻሊ ኩናትን ጎንጽን ሂወት ደቆም፣ ንብረቶምን ጥሪቶምን ካብ ምብራስ ክዕቅቡ ዝሓገዞም ብምኳኑ፡ ኣወንታዊ ተራ ከምዝነበሮ ዝከሓድ ኣይኮነን። ብይን ማዕቀብ ካብ’ዚ ብተወሳኺ ኣወንታዊ ትርጉም ክህልዎ ዝኽእል ምንባሩ ምግማት ይከኣል። ወዮ ደኣ፡ ርእሰ ፋሸሽት ኢሳይያስ፡ ድኽነትን ድሕረትን ህዝብታት ኤርትራ ክፈትሕ ዘየንቀደሉ ጉዳይ ኮይኑ’ምበር፡ ብይን ማዕቀብ ኣብ ሞዕባለ ማሕበረ ቁጠባዊ ዓውዲ ሃገርና ኣወንታዊ ተራ ከዕርፍ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዝነበሮ ዘየተሓታት እዩ። ንምንታይ እንተኢልና መልሱ ንጹርን ዘየጋግን እዩ። ካብ ወርቂ ብሻን ብሽም መሕወዩ ግብሪ ዝእከብ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብን መሃዛይን ህርኩት ሰብኣዊ ዓቕምን ተዋዲዱ እንተዝወፍር፡ ማሕበረ ቁጠባ ሃገር ንምብርባር ይኹን ንምጥንኻር ዓብይ ዕድል ተፈጢሩ

ነይሩ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣታዊታት ኤርትራ ዝቆጻጸሮ ኦዲት ዘይብሉ፡ ኣበየናይ ባንኪ ከምዝተኸዘነ ኣይፍለጥን፤ ሰብኣዊ ጉልበት መንእሰያትና ድማ፡ ገሊኡ ኣብ ምፍሓር ድፋዓትን ሓለዋን፡ ገሊኡ ድማ ጊላ ላዕለዎት ወታደራውያን ሓለፍቲ ኮይኑ ጅቦኦም መሕበጢ፡ ግን ከኣ ኣብ ልምዓት ሃገር ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ከየመዝገበ፡ ን16 ዓመታት ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ኲነታት ብኸንቱ ሓሊፉ። ህዝብታትና ብድኽነትን ብጉድለት ጥዕናን እናተሳቐዩ ኣሕሊፎሞ። ብዓሰርተታት ኣሽሓት ወገናትና ድማ፡ ኣብ ሃገሮም ምንባር ትርጉም እናሰኣኑሉ፡ ፎቑዶ ስደት ፋሕፋሕ ክብሉ ጸኒሖምን ኣለዉን። ምስሊ ሃገርና ተዓይኑ፤ ትሕተ ቅርጻን ህንጻታትን ዓንዩ፥ እቶም ዝርካቦም ዝተሃነጹ ሓደስቲ ኣባይቲ ድማ፡ ሕጋውያን ኣይኮኑን ተባሂሎም ብዶዞራት ናብ ፍርስራስ ዑናታት ተቐይሮም ኣለዉ። ብይን ማዕቀብ ጸጥታ ቤት ምኽሪ ው.ሕ.ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኢሳይያስን ጉጅልኡን እኳ እንተነበረ፡ 'ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት' ኮይኑ ነገሩ፡ እዚ ፋሽስታዊ ጉጅለ'ዚ ዝኸፍአ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ምስ በየነ፡ ክሳብ  ሎሚ ኣየልዓሎን።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ፈለማ ብይን ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ኣይተመልከተን፤ ልኣላዊ መሬትና ኣይተመለሰን፤ ጸኒሑ ድማ ዘይፍትሓዊ ብይን ማዕቀብ ኣብ ልዕሌና ተበይኑ፤ ዓለም ዘርያትና እናበለ ከእዊ፡ ኣብ ኢዱ ዘሎ ሃብቲ ሃገር መዋድቑ ከይተፈለጠ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዘይተኣደነ በደላት ከውርድ ጸኒሑ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ በብእዋኑ ብዝተጸንዐን ብዝተዋደደን መንገዲ፡ ናይ መብራህትን ማይን ኣገልግሎት ብምቁርራጽ፡ ኣብ ልዕሊ መነባብሮ ህዝብታትና ከውርዶ ዝጸንሐ ቅልውላው ከይኣኽሎ፡ ኩሉ ገንዘብ ህዝቢ ኣብ ባንኪ ክቕመጥ ብምእዛዝ፡ ብትኳቦ ዝመሓደር 'ናይ ርኹብ ስኡን' ክኾኑ ገይሩዎም ጸኒሑን ኣሎን። ስለዝኾነ'ውን ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ብጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ዝተበየኖ ማዕቀብ ሕነ፡ ኣብ ብልዕሊ ህዝብታትና ፖሎቲካውን ማሕበረ ቁጠባውን ማዕቀብ በይኑ፡ ሕቑኦም ክሳብ ዝጎብጥ፡ ኣረሜናዊ ግፍዒ ክፍጽም ዝጸንሐ እዩ።

ከም ዝፍለጥ ''ነባሪ ረብሓ'ምበር ነባሪ ዕርክነት የልቦን'' ከምዝበሃል፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሓድሽ ኲነታት ክምዕብል ንዕዘብ ኣሎና። ንከባቢ ትሽዓተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን ተወሲኑ ዝጸንሐ ማዕቀብ ተላዒሉ ኣሎ። ጸጥታ ቤት ምኽሪ ሕቡራት መንግስታት ናብ'ዚ ውሳኔ'ዚ ዝበጽሐ ዝሓለፎ መስርሕ ከምዘሎዎ ኣይንስሕቶን። ናይ ውሱናት ረብሓ ማእከሉ ዝገበረ መስርሕ እዩ። ትማሊ ኣብ ትሕቲ ነባር መሪሕነት ኢህወደግ ዝነበረት ኢትዮጵያ ዝነበራ ዝምድናን፡ ሎሚ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ መሪሕነት ኢህወደግ እትርከብ ኢትዮጵያን ተማዕብሎ ዘላ ዝምድና ፍልልይ ከምዘሎዎ ንርኢ ኣሎና። ዝርዝር ውሽጣዊ ኲነታት ኢትዮጵያ ናይ ምርኣይ ዕላማ ዝሓዘ ጽሑፍ ስለዘይኮነ ኣመት ካብ ምሃብ ሓሊፍና ናብ ምዝርዛር ኣይንኣቱን። ብቐንዱ ምስ ጉዳይ ሃገርና ዝተኣሳሰረ መዳዩ ጥራሕ ኢና ክንድህስስ።

ብመሪሕነት ኣሜሪካን ኣብ ከባቢና ዘለዋ መሻርኽቱ ናይ ማ/ምብራቕ ኀባልል መንግስታትን፡ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን ዘለወን ረብሓ ንምውሓስን ንምጥንኻርን ብቕሉዕ ኣበርቲዐን ክሰርሓ ዝረኣያሉ እዋን ኢና ንርከብ። እዘን ዝጠቀስናየን መንግስታት፡ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ቀጥታዊ ጽልዋ ከዕርፋ ዝረባረባሉ እዋን እዩ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ "**ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ከይተመልከተ፡ ዘተ ዘይሕሰብ እዩ**" እናበለ ከጉርዕ ከምዝጸንሐ፡ ዋና በዓል ጉዳይ ዝኾነ ኤርትራዊ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ እዩ። እነሆ፡ ፈጻሚት ኢህወደግ ብኣቦ-መንበሩ ኣቢሉ፡ ''**ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብዘይ ቅድመ ኩነት ክንቕበሎ ድሉዋት ኣሎና**'' ዝብል መግለጺ ስለዝሃበ ጥራሕ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ከም ፈኸርኡ፡ ''**በል ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ኣብ ባይታ ይመልከት**" ምባል ንጎድኒ ገዲፉ፡ ብሓባር ናብ ካልእ ጉዳያቶም ክዕዘሩ ንርእዮም ኣሎና። ካብ እዋን ስምምዕ ሰላም ጀሚሩ፡ ካብ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ደጋጊምና ዝሰማዕናዮም መደረታት ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና ስክፍታ ዝፈጥሩ ምኽኖም ምዝካር የድሊ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ፡- ''**ብጉዳይ ዶብ ክሳብ ሎሚ ዝተዘራረብናሉ የልቦን፤**'' ''**ዶብ ኣርቲፊሻል እዩ፤**'' ''**ናይ ጽልኢ መንደቕ ብናይ ፍቕሪ ድልድል ክንሰግሮ ኢና፤**'' ''**ኣነን ኢሳይያስን ተደሚርና ማለት ዓሰብ ምክፋል ማለት እዩ**'' ዝብሉ'ዮም። ኣብ ቤተ መንግስቲ ኤርትራ(ኣስመራ) ኣብ ዝተገበረሉ እንግዶት፡ ናይ ኤርትራ ወጻኢ ጉዳይ ኮይኑ ከምዝሰርሕ እናሰሓቐ መዲሩ፤ ቃሉ ኣየዕበረን ድማ፤ ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ተመለሰ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ ማዕቀብ ክለዓል፡ ንጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሕቶ ኣቕሪቡ። ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ'ውን ኣይሓመቐን፤ ንኣበሃህላ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ መመሊሱ ከራጉዶ'ምበር፡ ስክፍታ ህዝብታትና ዘህድእ መደረ ኣየስመዐን። ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ድማ፡ ''**ኣነ ቃል ዓለም ኣይፎቱን እየ፤ ንስኻ ክትመርሓና ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ'፤ " ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ሓደ እዮም፤ ክልተ እዮም ዝብል እንተሃልዩ፡ ታሪኽ ዘይፈልጥ እዩ**'' ኢሉ። ኩሎም ኣፍ ንኣፍ ተዋሃሂቦም ይኹኑ፤ ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ኢሎም ዝተዘራረቡሎምን ዝተሰማምዑሎምን ድማ፡ ንህዝብታትና መብርሂ ዝሃቡሉ ኣይኮኑን። እኳ ደኣስ፡ ኣብ ቃለ መሕትት ር/ፋሽስት ኢሳይያስ (ሕዳር 03/2018) ዝሰማዕናዮ፡ ጉዳይ ዶብ ንኡሽተይ ነገር ያኢ ተረኺቡስ፡ ''**ኣጽብብ ኣቢልና ኣይንርኣዮ፤ ኣስፍሕ ኣቢልና ንርኣዮ**'' ብምባል፡ ከም ትጽቢት ህዝብታትና ጉዳይ ምምልካት ዶብ፡ ቀዳማይ ኣጀንድኡ ከምዘይኮነ ኣነጺሩ ኣቐሚጡ እዩ። ጉዳይ ቁጠባዊ ውህደት ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ'ዚ ዞባ ዝርከቡ 300 ሚልዮን ህዝቢ፡ ቁጠባዊ ውህደት ክገብሩ ብቐዳምነት ከምዝግደስ ኣመልኪቱ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ብልኡኽ ኣሜሪካን ኀባልል ኢና ዝብላ ሃገራት ኣዕራብን ተሓንጺጹ ዝተዋሃቦ ትልሚ፡ ካብ ምቕባል ወጻኢ፡ ናይ ስልጣን ዕምሩ ዝቕጽለሉ ዕድል ከምዘየልቦ ተገንዚቡዎ እዩ፤ ከም'ተን ዝሓለፋ፡ 16 ዓመታት፡ "**ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ከይተመልከተ ዘተ ዝበሃል ዘይሕሰብ እዩ**" ክብል ዕድል ዝህቦ ኣይነበረን። እታ ቀጣን ናይ ኀብለላት መልእኽቲ፡ ትም ኢልካ ሞዓጋ፡ ወይ ድማ ቀስበን ክነምዑገካ ኢና ምስ ኮነቶ፡ ኣቕዲሙ ዝተፍአ ተመሊሱ ክልሕስ ዘሕፍሮ ኣይነበረን፤ እንተኸኢሉ መወራረዲ ዝኾኖ ክናዲ መዓልታት ክወስድ ጥራሕ ተገዲዱ። እዚ ድማ፡ ተሞኩሮ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን 1998-2000 ተመሊስካ ክትዝክር ይገብር። ብትምክሕቲ ሓቢጡ፡ "ካብ ባድመ ወጻና ማለት ጸሓይ ሞይታ ማለት እዩ..." "ንዑንዶ ግዳ ንፈታተን" እናዳበለ፡ ነቶም ዝቐረቡሉ ናይ ሰላም መጸዋዕታታት ክሕሰም ከምዘይጸንሐ፡ ብለካቲት 1999ዓ.ም. ኣብ ግንባር ባድመ ዘይሓሰቦ ከቢድ ስዕረት ምስ ወረዶ፡ 'ስምምዕ ሰላም ተቐቢልናዮ ኣሎና'፡ ኢሉ ኣውያቱ ናብ ውድብ ሕቡራት ከቕርብ ንዝክሮ ኢዩ። ብግንቦት 2000 ዓ.ም. ድማ፡  ካብ ዓራዱሎም

ዝጸንሐ ግንባራት ተጻራሪት ምስ ወጸ፡ ኣብ ኣልጀርስ ዝቐረቡሉ ውዑላት ከይፈተወ ክፍርም ዝተገደደሉ ኩነታት ምፍጣሩ'ውን ኣይንርስዖን። ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ክብርን ልኣላውነትን ኤርትራን ህዝባን ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ብምሕሳብ ኣይነበረን፤ እንታይ ደኣ፡ ነታ ኣብ መጻብቦ ዝተቐርቀረት ጉጅላዊ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ መቃነዪ ዕድል ንምርካብ እዩ ነይሩ። ከምኡ እንተዘይከውን፡ 25 ትርብዒት ኪ.ሜ. ዘየካትዕ ልኣላዊ ግዝኣት ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ዓቃቢ ሰላም ሰራዊት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክጸንሕ ክሰማማዕ ኣይምኾነን። እንተኾነ ግን፡ ንኢሳይያስ፡ ልዕሊ ክብሪ ሃገርን ህዝብን ፖሎቲካዊ ስልጣኑ እያ ተገድሶ። ሎሚ ድማ ብካልእ መልክዕ ታሪኽ ተደጊሙ ምህላዉ ንርዳእ።

ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ከይተመልከተ፡ ዘተ ዘይሕሰብ ዝብል ፈኸራ ንጎድኒ ገዲፉ፡ ጉጅላዊ ስልጣኑ ዘቃንየላ፡ ካብ ህዝብታትና ተኸዊሉ ብዝተፈራረሞም ስምምዓት፡ እነሆ'ኳ ካብ ዓዲ ሃሎ ወጺኡ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዑደት ክገብር ንርእዮ ኣሎና። ሕሉፍ ሓሊፉ ብዛዕባ 300 ሚልዮን ህዝብታት ዞባ፡ ቁጠባዊ ውህደት ክምድር ድፍረት ምርካቡ፡ እታ ብመንግስቲ ኢህወደግ ጸልሚታ ዝነበረት፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎብለል ናይ ምዃን ሕልሚ፡ ዳግም ነብሲ ክትዘርእ ትመጣጠር ዘላ ትመስል። ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ጎይቶቱ ዘዳለዉሉ፡ ዘላቒ ረብሐኦም ዘውሕስ ትልሚ ምስ ተቐበለ፡ ናይ'ዚ መቐሸሺ ዝኾኖ ዝተፈላለዩ ውህብቶታት ክቕበል ተኸታቲልና ኢና። ናብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ከይዱ ዝተሸለሞ ወርቂ እቲ ዝዓበየ እዩ። ኣብ ላዕሊ ከም ዝገለጽናዮ፡ ምስ ኢትዮጵያ ስምምዕ ሰላም ብምፍርራሙ፡ ከም ኣወንታዊ ምዕባለ ተወሲዱ፡ እቲ ካብ 2009 ጀሚሩ ኣብ ልዕሊኡ ተበይኑ ዝነበረ ማዕቀብ ክለዓል ተወሲኑ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ብይን ማዕቀብ ከይለዓል ኣበርቲዑ ክሰርሕ ዝጸንሐ መንግስቲ ኢህወደግ፡ ሓዲሽ መሪሕነት ንቕድሚት ምስ መጸ፡ ብይን ማዕቀብ ክለዓል ጻዕርታት ከካይድ፡ ናይ ከባቢ ሃገራት ተመሳሳሊ መርገጺ ክሕዛ ድፍኢታት ክገብር ከም ዝጸንሐ ዝተኸታተልናዮ ስግንጢር እዩ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ሰላም ስምምዕ ብምፍርራሙ፡ ናይ ክልቲኦም ሃገራት ህዝብታት ክተሓዋወሱ፡ ኣብ ኤርትራ ተኾሚሩ ዝጸንሐ ቁጠባዊ ሕጽረትን ቅልውላውን ዝተወሰነ እስትንፋስ ክረክብ ክኢሉ ምህላዉ ብኣወንታ እንርእዮን ተጠናኺሩ ክቕጽል እንደፍኣሉን እዩ። ይኹን'ምበር ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ን27 ዓመታት ተዳዕኒኖም ዝጸንሑን ዘለዉን ፖሎቲካውን ማሕበረ ቁጠባውን ግፍዕታት ማንካ ኣይተላዓሎምን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ክላዓሉ ከምዝኽእሉ ዝኾነ ምልክት'ውን የልቦን። እኳ ደኣስ፡ ሃገሮም ከም ዑንቂ ጸቢባቶም፡ መምሎቒ ስኢኖም ተዘሪዖም ዝጸንሑ ኤርትራውያን ስድራታት፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት፡ ሕዝሎን ሕንጥልጥሎን ኮይኖም ናብ ስደተኛ ካምፕታት ኢትዮጵያ ክኣትዉ ይረኣዩ ኣለዉ። እዚ ክውንነት'ዚ ብንጹር ዘረጋግጾ ሓቂ እንተሃለወ፡ ብይን ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ኢሳይያስ፡ ነቶም ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና፡ ዝወርዱ ዘይተኣደኑ ግፍዕታት መበገሲ ዝገበረ ከምዘይነበረ እዩ።

ገባቲ ኢሳይያስ፡ ንምንታይ ድሕሪ 16 ዓመታት፡ ነቲ ከቕርቦ ዝጸንሐ ቅድመ ኩነት ራሕሪሑ፡ ብዘይ ምምልካት ዶብ፡ ናብ ካልኦት ስምምዓት ኣትዩ ዝብል መልሱ ኣብ ላዕሊ ተኣሚቱ ኣሎ። ምስ ጸሕታሪ ኩናት፣ ሃርጓምን ስሱዕን ባህርያቱ ብዝተታሓሓዘ ክረአ እንከሎ፡ እዚ ተፈራሪሙሉ ዘሎ ናይ ሰላም ስምምዕ ክሳብ ክንደይ ጸኒዑ ክቕጽለሉ እዩ ዝብል ሕቶ ክነልዕል ይገብረና። ብርግጽ ባዕሉ ዝውልዖ ኩናት፡ ውዒሉ ሓዲሩ ንጥፍኣቱ ምዃኑ እንተገምጊሙ፡ 'ቶግ' ክብል ከምዘይኮነ ምግንዛብ ይከኣል። ግን ከኣ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ሓዊ እናረኮዐ፡ ብማዕዶ ወይ ድማ ብድሕሪት ኮይኑ እናሳወረ፡ ካብ ምኻድ ክቑጠብ ይኽእልዶ እንተኢልና፡ ፈጺሙ ደው ክብለሉ ዘይክእል ሕዱር ሕማሙ ምዃኑ ንርዳእ። ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ክልቲኦም ላዕለዎት መራሕቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኢዱ ኣእትዩ፡ ነቲ ከም ደመኛ ጸላኢኡ ዝርእዮ መሪሕነት ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ንምድሃኽ ሸርሕታት ካብ ምእላም ዓዲ ከምዘይውዕል፡ ዓበይቲ ምልክታት ክረኣዩ ጸኒሖም'ዮም። ንኣብነት፡ ብመራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተቓልሐ መግለጺ ብዛዕባ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ መሪሕነት ህወሓት ዝተዋስኣሉን ዝዓገበሉን ናይ ፈጻሚት ኢህወደግ ሓባራዊ ውሳኔ ምዃኑ ብሩህ እናሃለወ፡ ብ20 ሰነ 2018 መዓልቲ ሰማእታት፡ ኢሳያስ ዝሃቦ መግለጺ ምዝካር ይከኣል። "<u>**ጸወታ ኣብቂዑ"(Game Over)**</u>" ዝብል፡ ናብ መሪሕነት ህወሓት ዘነጻጸረ መልእኽቲ ምዃኑ ማንም ዝስሕቶ ኣይኮነን፡፡ ኮራኹር ኢሳይያስ ኣብ ሶሻል ሚድያ ብሰፊሑ ተዋፊሮሙሉ ዝጸንሑ'ውን ነዚ'ዚ ሓቂ ዘራጉድ እዩ። ብተወሳኺ፡ ናብ ጎንደርን ባህርዳርን ዝገበሮ ዑደት፡ ብርክብ ሰለስተ መራሕቲ ሃገራት ክሽፈን ዝተፈተነ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ጽባሕ እቲ መገሻ'ቲ፡ ኣብ ኢትዮጵያ እንርእዮ ዘሎና፡ በብእዋኑ ዝንህር ፖሎቲካዊ ቅልውላውን ግጭትን፡ ኣእዳው ኢሳይያስ ከምዘለዎ ንምግንዛብ ዓሚቕ ተመራማሪ ምዃን ዝሓትት ኣይኮነን። ነዚ ብዝያዳ ዘረጋግጽ ድማ፡ ምስ ግህሰት ሰብኣዊ መሰልን ብልሸውናን ተታሓሒዙ፡ ዓቃቢ ሕጊ ኢትዮጵያ ዝኸፈቶ ክሲ፡ ኣብ ሶሻል ሚድያ ብዝኸፍአ መንገዲ ክቃላሕ፡ ዕሱባት ኢሳይያስ ዝጻወቱዎ ዘለዉ ኣሉታዊ ተራ፡ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። እዚ ኹሉ ደማሚርካ ክረአ እንከሎ፡ ገባቲ ኢሳይያስ ተፈራሪሙሉ ዘሎ ናይ ሰላም ስምምዕ፡ ምስ ላዕለዋይ መራሒ ኢህወደግ'ምበር፡ ምስ ህዝብታት ኢትዮጵያ ፈጺሙ ዘይምዃኑ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ሕዱር ቂሙ ከውጽእ፡ ልዕሊኡ ድማ ሕቡእ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ጥሙሕ ከርዊ፡ ንመሪሕነት ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኣብ ዝጎድእ ዓውዲ፡ ኣቦ ጓይላ ኮይኑ ክስዕስዕ ከምዝኽእል ዘጠራጥር የብሉን። እዚ ሓደገኛ ናይ ኩናት ጓይላ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ጥራሕ ደው ዝብል ከምዘይኮነ፡ ኣጽንኦት ሂብና ክነስምረሉ ንደሊ ጉዳይ እዩ። ንምንታይ እንተተባሂሉ፡ መልሱ ብሩህ እዩ። ኣብ ህሉው ኩነታት ኢትዮጵያ ምስ እንዕዘብ፡ እንትርፊ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ኣብ ልዕሊ ልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና እሙን ፈታዊ ኣሎና ኢልና፡ ኣፍና መሊእና ክንዛረብ ኣብ ዘይንኽእለሉ ኩነታት ንርከብ። እቶም ኣብ ሑቕፊ ኢሳይያስ ሞይቆም፡ ክዕንገሉን ክስልጥኑን ዝጸንሑ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ፡ ድማ፡ ቀንዲ መዓስከሮም ኣብ ክልል ኣምሓራ ገይሮም ምህላዎም ንከታተሎም ኣሎና፡፡ እዞም ናይ ትማልን ሎምን እሙናት ኣዕሩኽ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና፡ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን እምነት ኣንቢሮም ኣይፈልጡን። ገና ካብ ኣእሙሮኦም ዘይወጸ፡ ወደባት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ናይ ምውዓል ሓደገኛ ጥሙሕ ዘለዎም'ዮም። ስለዚ ድማ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ ንመሪሕነት ህወሓትን ደጀኑ ህዝቢ ትግራይን ንምድሃኽ ዝምስርቶ ዘሎ ሕቡእ ናይ ጥፍኣት ግንባር፡ መወዳእትኡ ንህዝብታት ኤርትራን ደለይቲ ለውጥን ብምድሃኽ፡ ኤርትራን ወደባታን ኣካል ኢትዮጵያ ናይ ምግባር ዕላማ ዝሓዘ ሓይሊ ትምክሕቲ፡ ከም ዓንዲ ሕቖ ኮይኑ ዝዋስኣሉ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ህዝብታት ኤርትራን ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጥን፡ ነዚ ሓደጋ'ዚ ከይተበገሰ እንከሎ ንምምካኑ ዝለዓለን ዝተወሃሃደን ምርብራብ ከካይዱ ይህልዎም ኢልና ንኣምን።

ምስ ስምምዕ ሰላም ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያን ተታሓሒዙ ከም ዘተባብዕ ምዕባለ ተራእዩ፡ ብይን ማዕቀብ ክለዓል ኣብ ዝተወሰነሉ እዋን ብምኽኑ፡ ጸቢብ ሽውሃት ኢሳይያስን ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያን ንምርዋይ ተወሳኺ ነዳዲ ከምዝኾኖም ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን። ኣብ ላዕሊ ብንጹር ከምዝተቐመጠ፡ ኢሳይያስ ኣብ ውልቃዊ ስልጣኑ ዝመጾ ሓደጋ እንተዘየሰኪፉዎ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዘለዎ ባጤራ፡ ኣጽዋርን ነዚ ዝሕግዙ ዘበን ዘምጸኦም ተክኖሎጂታት ካብ ዕዳጋ ክሽምት ድሕር ከምዘይብል ኣይንስሕቶን። ብርግጽ ኣጽዋርን ተክኖሎጅን ብዘይ ሰብ ትርጉም ዘለዎም ኣይኮኑን፡፡ መንእሰያት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መጻኢ ዕድሉ ክሕሸሽ ዝጸንሐ፡ ኣብ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ዘሎ መንእሰይ ድማ ብፍላይ፡ ዳግም መሳርሒ ጨካን ጉጅለ ኢሳይያስ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቡን ሃገሩን፡ ዝኸፍአ ዕንወት ከውርድ ድሉው እዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ምስ ምኽፋት ዶባት ዛላንበሳን መረብን ተኣሳሲሩ፡ ካብ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ክግለጽ ዝሰማዕናዮ "<u>**ካብ ሎሚ ንደሓር ናብ ኲናት ኣይንኣቱን**</u>" ዝብል ርእይቶ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘመልክት እዩ፡፡ እዚ ርእይቶ'ዚ፡ ብዘይካ'ቶም ውሑዳት ሞቶምን ሕየቶምን ምስ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዘተኣሳሰሩ ዕሱባት፡ ንሙብዛሕትኦም ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ዝውክል ርእይቶ እዩ። ብምኽኑ'ውን ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ ዘበናዊ ኣጽዋር እንተሸመተ፡ ብሂወት መንእሰያት ኤርትራ፡ ንህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ብምድሃኽ፡ ሕቡእ ሒሳባቱ ከማልእ ይኽእል እዩ ኢልካ ኣይሕሰብን። ግን ከኣ ምስ'ቶም ነባራትን ዘበነዎትን ኣዕሩኹ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ ተሻሪኹ፡ ኣብ'ዚ ጥፍኣት'ዚ ዝውዕል ሓገዝ ክገብር ኣይክፍትንን ዝበሃል ኣይኮነን። በዚ መንጽር ክረአ እንከሎ ምልዓል ብይን ማዕቀብ ኣሉታዊ ትርጉም ከምዘለዎ ምግንዛብ ይከኣል።

ካልእ ዘተሓሳስብ ድማ፡ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም፡ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣኼባ፡ ብጉጅለ ልኡኽ መንግስታት ኣፍሪቃ ዝተንጸባረቐ መርገጺ እዩ። እዚ መርገጺ'ዚ ዝተቓልሐ፡ ኣብ መወዳእታ ሰሙን ወርሒ ጥቅምቲ 2018 ኣብ መበል 31 ስሩዕ ኣኼባ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት እዩ። ፍልይቲ ራፖርተር ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ወይዘሮ ሼላ ኪታሩት፡ ንመወዳእታ ጊዜ ብዛዕባ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ኣመልኪታ፡ ብዘይ ዝኾነ ጸጊዕነት፡ ንጹር ስእሊ ዘትሕዝ ጸብጻብ ከምዘቕረበት ዝፍለጥ እዩ። እዛ ፍልይቲ ራፖርተር፡ ክልቲኦም መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ናይ ሰላም ስምምዕ ምግባሮም ብኣወንታ ከምትርእዮ ኣመልኪታ እያ። ይኹን'ምበር፡ ምስ'ዚ ስምምዕ'ዚ ብዝተታሓሓዘ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ከምዘይተራእየ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ከባቢ 9 ሺሕ ኤርትራውያን፡ ካብ መረበቶም ተፈናቒሎም ናብ መደበር ስደተኛታት ዝኣተዉን ኣብ ትጽቢት ዝርከቡን ከምዘለዉ ብንጹር ኣመልኪታ። ካልኦት ኣብ ውሽጢ ዓመተ 2018 ዓ.ም. ዝተራእዩ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ድማ ብንጹር ገሊጻ፤ ኣብ ኣሰመራ ዝተኻየደ ሰላማዊ ተቓውሞ፡ ኣብ ልዕሊ ህጻናትን ደቂ ኣንስትዮን ዝወረደ ማእሰርትን ምንግልታዕን፡ ንበዓል ጺጋ ዕድመ ኣቦና ሓጂ ሙሳ ኣብ ልዕሊኦም ዝተወሰደ ናይ ምእሳር ስጉምትን ሕልፈቶምን ገሊጻ፡፡ ኣቶ ብርሃነ ኣብርሀ ርእይቱኡ ብጽሑፍ ብምግላጹ ጥራሕ፡ ንግፍዓዊ ማእሰርቲ ከምዝተቃልዐ፤ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ቅዋም ከምዘይብላ፡ ሰበ ስልጣናት ዝሕተቱሉ ሕጋዊ ስርዓት ከምዘየልቦ... ወዘተ፤ ኮታስ ነቲ ኣብ ባይታ ኩሉ ሰብ ዝርእዮ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣጉሊሃ ኣቕረበት። ኣብ'ዚ ጸብጻብ'ዚ ርእይቶኡ ዝሃበ ጉጅለ ልኡኽ መንግስታት ኣፍሪቃ፡ ነዚ ጸብጻብ'ዚ <u>ንፖሎቲካዊ መዓላ ዝተዳለወ እዩ</u> ብምባል ክቃወሞ ተሰሚዑ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘደንጹ ድማ፡ እታ ክሳብ ሎሚ ብዘይ ምቁራጽ ስደተኛታት ዝውቅቡላን፡ ብቐረባ ንመንነት ስርዓት ኢሳይያስ ዝፈልጥ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝወከለት ልእኽቲ፡ ንመርገጺ ጉጅለ ልኡኽ ኣፍሪቃ ምድጋፉ እዩ።

ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ኣብ እዋን ነጻነታዊ ብረታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ጎድኒ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ተሰሊፉ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝፈጸሞ በደል ከይኣኽሎ፡ ሎሚ ድማ፡ ኣብ ጎድኒ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ተሰሊፉ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርድ ዘሎ ጨካን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ዕሽሽ ክብሎ ምምራጹ ንዕዘብ ኣሎና። ብርግጽ ግዳማዊ ደገፍ፡ ህዝባዊ ቃልሲ ኣብ ምስላጥ ኣወንታዊ ተራ ከምዘለዎ ዝሰሓት ኣይኮነን፤ ብኣንጻሩ ድማ ናይ ምጉታት ተራ ከምዘለዎ ዝዝንጋዕ ኣይኮነን፡፡ ናይ ዓወትን ውድቀትን ወሳኒ ተራ ዘለዎ ኮይኑ ግን ኣይፈልጥን። ነዊሕን መሪርን ነጻነታዊ ተጋድሎና ነዚ ሓቂ'ዚ እኹል ምስክር እዩ። ስለዚ ህዝብታትና ነዞም ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚታት ዝኽሰቱ ግዳማዊ ጥልመታት ሰጊርም፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምውጋድ ከምዘይጽገሙ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ውሽጣዊ ዓቕምና ወሳኒ እዩ እሞ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብምትእምማን፡ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ንምሕያል ክንጽዕት ይህልወና።

ኣብ መደምደምታ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ናይ ደገ ሓይልታት መሳርሒ ብምኧን፡ ካብቲ ተዓኺሊሎም ደቂሶሙሉ ዝነበሩ ዓዲ ሃሎ ወጺኦም ፈለኽለኽ ክብሉ ዝጀመሩሉ ኩነታት ንርከብ። በቲ ካልእ ድማ፡ እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽ ሃገራውን ከባብያውን ኩነታት፡ ዘበርከተልና ጸጋታት ኣሎ። ብስምምዕ ሰላም፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ካብ ተቐርቂሮሞ ዝጸንሑ ህግደፋዊ መጻወድያ ክወጹ ዝኽእሉሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ከባቢኦምን ውሽጣዊ ኩነታት ሃገሮምን ከመዛዝኑ ዕድል ረኺቦም ኣሎዉ፤ ፋሽስታዊ ጭካነ ኢሳይያስን ጉጅልኡን ኣበየናይ ማዓሙቕ ውድቀት ሸሚሙዎም ከምዝጸንሐ፡ ብተግባር ዘረጋገጹሉ እዋን እዩ። ብኡ መጠን ጽልኢቶም ኣብ ልዕሊ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን እናበረኸ ይኸይድ ኣሎ፤ ውሽጣዊ ነድሮም እናገንፈለ ይወጽእ ኣሎ። እዚ ምዕባለ'ዚ፡ ኣብ ሃገርና መሰረታዊ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዘኽእል ወሳኒ ረቛሒ እዩ። ተጠናኺሩ ክቕጽል ድማ፡ ብቑዕ ኣመራርሓ ክረክብ ይህልዎ፡፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ሃገርና ከቢድ ሓላፍነት ክንሽከም ይግባእ። በቲ ካልእ እዚ ሓድሽ ኩነታት'ዚ ከበድቲ ብደሆታት ኣብ ልዕሌና ክዝንቢ ይገብር ምህላዉ ክንስሕቶ ኣይግባእን። ሓያላት መንግስታትን ናይ ዞባና ጎብለላትን፡ ረብሓታቶም ንምውሓስን ንምጥንኻርን ናይ ሞትን ሕየትን ምርብራብ ዘካይዱሉ ውቕቲ እዩ። ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ይኹን ንመንግስታት ከባቢና፡ ብሓደ ወገን ሽኮር በቲ ካልእ ወገን ዱላ እናርኣዩ፡ እሙናት ልኡኻቶም ክኾኑዎም፡ ከበድቲ ተጽዕኖታት ከዕርፉ ይረኣዩ ኣሎዉ። ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ ልዕሊ ውልቃውን ጉጅላውን ስልጣኑ ዝርእዮ ነገር የብሉን። እዚ ሓደጋ'ዚ ንክብርን ልኣላውነትን ሃገርናን ህዝብታትናን ብኣሉታ ዝጸሉ እናዳሃለወ፡ ተቢዑ ክምክት ኢዩ ኢልካ ኣይሕሰብን፡፡ እንተኽኢሉ ናይ'ዞም ሓይልታት ዕሱብ ኮይኑ፡ ኣብ ክሊዚ ኩነታት'ዚ፡ ውልቃዊ ስልጣኑ ዘቃንየሉ መንገዲ እዩ ዝመርጽ ዘሎ። ብተግባር ድማ፡ ንሓድሽ ምምሕዳር

ኣሜሪካ ከሞጉስ፣ ንመንግስታት ስዑድን ኢማራት ክሰግድ፡ ብኣኦም ክሽለም፣ ምስ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ ውዲታት ክኣልምን፡ ብዋጋ'ዚ ድማ፡ ናይ ህዝብታትና ንዓመታት ዝተጸፍጸፉ ሕቶታት ዕሽሽ ኢሉ፡ ገና ጊላዊ ኣገዛዝኣ ተሸኪሞም ክቕጽሉ ይእዝዝ ኣሎ። እዚ ተርእዮ'ዚ፡ ንሃገርናን ህዝብታትናን ይኹን ንከባቢና፡ ኣብ ከቢድ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ዘጥሕልን፡ ሓመድካ ነጊፍካ ንምትንሳእ ቀሊል ዘይኮነሉ ኩነታት ዝፈጥር እዩ። ስለዚ ድማ ሓደግኡ ከቢድ ምዃኑ ክንግንዘብ ይህልወና።

በዚ መሰረት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ነቶም ረኺብናዮም ዘሎና ጸጋታት ብግቡእ ዓቂብና ንምሕያሎም እናጸዓርና፡ በቲይን በቲይን ዘንጸላልዉና ዘለዉ ሓደጋታት ብግቡእ ተገንዚብና ንምፍሻሎም፡ ናብ ቀንዲ እዋናዊ ጸላኢ ህዝብታትና ዝኾነ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘቕነዐ ዕቱብ ቃልሲ ክነካይድ ይህልወና። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝካየድ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ፡ ናይ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ተራ ዓብይ ምዃኑ ብምስትውዓል፡ ኣብ ጎድኒ'ቲ ብዘይ ምሕረት ክደሃኽ ዝጸንሐን ዘሎን ህዝቦም ተሰሊፎም ክቃለሱ ዕቱብ ጻዕሪ ክካየድ ኣሎዎ። ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ህዝብና ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ኣብ'ዚ ወሳኒ ናይ ምርብራብ መድረኽ፡ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብና፡ ብኹሉ መዳይ ከሐይሉዎ ክጽዕቱ ይህልዎም። ደለይቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ኣብ ሕሉፍ ተሞኩሮናን ቃንዛታቱን ጊዜና ካብ ምብኻን፡ ኣብ ሓድሽ መድረኽ፡ ነዞም ተረኺቦም ዘለዉ ጽቡቓት ዕድላት ጸንፊፍና፡ ናብ ረብሓ ህዝብታትና ንምውዓል፡ ኣብ ልዕሌና ኣንጸላልዮም ዘለዉ ከበድቲ ብደሆታት ብግቡእ ተገንዚብና፡ ቀንዲ ቱኽረትና ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ቁንጣሮ ዑሱባቱን ንምውጋድ፡ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና መሪሕ ተራና ክንጻወት ይግባእ። ውድብና ሰደግኤ፡ ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር ተጠርኒፉ፡ ካብኡ ዝጥለብ ከበርክት ከም ወትሩ ድሉው እዩ።

ዜናን ባህልን ቤት-ጽሕፈት፡
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
ታሕሳስ 2018 ዓ.ም.